# *ጻዊዒት ንኹሉ ኤርትራዊ ተቐማጣይ ጀርመን*

# *ሕጂ'ውን መኸተ!*

*እዚ ሃገርና፡ ኣብ ብሩህን ዘተኣማምንን ቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባለ ተሰጋጊራትሉ ዘላ መድረኽ ብራኸ ክንበጽሕ ዘኽኣለና፡ ብዓቕልን ተጻዋርነትን፡ ንዝተፈላለየ ተጻብኦታት እናምከንና፡ ማኣዝና ከይሰሓትና፡ ኣብ ናይ ገዛእ ርእስና ውሽጣዊ ጸጋታትን ዓቕምን ብምምርኳስ፡ በቲ ቅኑዕ ራእይን መትከልን ዘመዝገብናዮ ኢዩ። እዚ ድሙቕ ዓወት ዘየቕሰኖም ተጻባእቲ ሓይልታት፡ ንጉዕዞና ክኸልፉን ክዓናቕፉን፡ ሕጂ'ውን ከምዘይደቀሱን፣ ካልእ ሐድሽ ውዲታት ካብ ምእላም ዓዲ ከምዘይወዓሉን፡ እንከታተሎ ዘለና ጉዳይ ኢዩ። ወያነ ኣብ'ዚ እዋን እዚ፡ ኣብ ልዕሊ ልኡላዊት ሃገርና፡ ኩናት ኣዉጁ' ምህላዉ፡ እቶም ብድሕሪት ዝከናኸንዎ ኣካላት እውን እንተኾኑ፡ ነዚ ብኣህጉራዊ ሕጊ እተኾነነ ነውራም ኣበሃህላ፡ ብስቕታ ዕሽሽ ኢሎም ምሕላፎም መግለጺ ዘይ ፍትሓውነቶም ኢዩ።*

*እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ኣብ ወርሒ ሓምለ 2011 ኣብ ዘካይዶ ዓመታዊ ኣኼብኡ፡ በታ ንትግባረ እገዳ ትከታተል ኣካል፡ (Monitoring Group) ጸብጻብ ዝቐርበሉ እዋን ስለ ዝኾነ፡ ትሕዝቶ እቲ ተቐርቦ ጸብጻብ ከኣ ካብ'ቲ ክትገብሮ ዝጸንሐት ኣሰካፊ ኣተሓሕዛ፡ ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ ቕንዕነቱን ርትዓውነቱን ስለ ዘየተኣማምን፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ኤርትራን፡ ብዓመጽን ሸርሕን ዝተወሰደ ዘይፍትሓዊ እገዳ ክስርዙ ዝጽውዕ፣ ነቲ ዶብ ከይሕንጸጽ ሓንጊዱ ዘሎ ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ንሕጊ ክምእዘዝ ከገድዱን፣ ነቲ ኣዊጅዎ ዘሎ ኲናት ክኹንኑን ዝጠልብ፡ ንክልተ ሰሙን ዝኸይድ፡ ሕጂ'ውን ዓለም-ለኻዊ መኸተ ንምክያድ፡ ምቅርራባት ተጀሚሩ ኣሎ።*

*ኣወሃሃዲት ሽማግለ መኸተ ጀርመን ሕጂ'ውን ኩሉ እንትናዊ መኸተ ብምባል፡ ንወጺኡ ዘሎ ሓባራዊ መደብ መኸተ ጥርዓናት (ፐቲሽን) (21 ሰነ ክሳብ 6 ሓምለ 2011) ብዝሰፍሐ ተሳታፍነት ንምትግባሩ ንኹሉ ኤርትራዊ ተቐማጣይ ሃገር ጀርመን ጻዊዒታ ተቕርብ።*

*ጥርዓናትና ብመንገዲ ፋክስን ኢመይልን ዝቐርብ ኮይኑ፡ ብፍላይ ከኣ ዕለት 06.07.2011 ከም መዓልቲ ተቓውሞ (Action Day) ተወሲዳ ጽዑቕ ናይ ፋክስ፡ ኢመይል ተሌፎን ከም ዝስደድን ዝድወልን ምግባር።*

*ሓጋዚ ኢዩ ዝበልናዮ ደብዳቤታት፡ ብእንግሊዝን ጀርመንን ተዳሊዩ ምህላዉ እናሓበርና፡ ንኣማላእኡ ይኹን ዝስደዶ ኣድራሻታትን ዝምልከት ኣብ ከተማኹም ዘለዉ ናይ መኸተ ሽማግለታትን መርበብ ሓበሬታ ራይሞክን ተወከሱ ([www.raimoq.com](http://www.raimoq.com)) ።*

*ዓወት ንሓፋሽ*

*ኣወሃሃዲት ሽማግለ መኸተ ጀርመን*

# نداء لكل مواطن اريترى فى المانيا

الانجازات الوطنيه التى تتمتع بها اريتريا الحره مثل - الاكتفاء الذاتى فى مجال الزراعه - الاستقرار الامنى - والضمان الاجتماعى والاقتصادى بمستوى عاليا لامثيل له وهذا لم ياتى بالصدفه او تلقاء نفسه ولكن ببذل الجهود المستمره والمتواصله طوال 20 عاما بصبر وحنكه والعطاء السخى من الجيش والشعب والقيادات الباسله والتى لم تغفل عينها يوما عن التصدى للمؤامرات الداخليه والخارجيه

وقد اعتمدت بلدنا وبامكانياتها المحدوده والمتواضعه وقدرتها الذاتيه والراى السليم والمبادئ القيمه لتحقيق هذه الانتصارات - وفى خلال هذه اللحظات اعلن نظام ويانى الحرب على سياده بلدنا وكما عودنا سابقا حلفاؤه واعوانه بالسكوت المشين فلم يشجبوا ولم يصرحوا بايه تصريحات ايجابيه - وفى ظل هذه الظروف يناسب موعد الاجتماع السنوى للجنه تطبيق الحصار فى مكتب مجلس الامن فى شهر يوليو 2011

وفى هذا الاجتماع ستقرر اللجنه تقارير اعمالها - وكما تعودنا فاننا نتوقع بنتائج تقارير غير ايجابيه لان هذه التقارير مبنيه على معلومات خاطئه ونصوص عدائيه - فنحن ومن هذا المنطلق نشتكى هذا الحصار الدامى والذى فرض على الشعب الاريترى وحكومته ونطالب برفعه فورا وكذلك نطالب حكومه ويانى ان توقع رسم الحدود بين اثيوبيا واريتريا

ونطالب الاخوه الاريتريون بانه وفى خلال الاسبوعين القادمين بان يبداوا بحركه التصدى الدولى فورا - وكذلك نطالب جميع الاخوه الاريتريون بالتوقيع على رسائل الشكاوى ابتداء من 21 - 5 الى 6-7 2011 وتقديمها الى من يهمه الامر وخصوصا يوم 6 - 7 والذى يعتبر يوم التحدى وترسل جميع الرسائل اما عن طريق الايميل - بريد الكترونى - او بالفاكس وكذلك اتصالات هاتفيه مع مكاتب مجلس الامن ومن يهمه الامر
وللعلم فقط - توجد رسائل جاهزه باللغه الالمانيه والانجليزيه مع لجان التصدى فى مدنكم فمن اراد اى استفسار لابد ان يتصل بهذه اللجان او زياره الموقع

**www.raimoq.com**

**النصر للجماهير**

**لجنه التصدى - المانيا**